


# ሰጋለት ቀጣን : ኣንፈት መንገደይ ሓብሪ




ቅኒያቱ ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ስርሒት ፈንቅል ኣብ መላእ ዓለምን ውሽጢ ሃገርን ብክብዝበለ ድምቀት ክጽምበል ቀኒዩ ኣሎ : ምስጢሩ ዘግልሖ እንተሃልዩ : ብወገነይ ቅድል ዝበለኒ ወስ ክብል :

**ስርሒት ፈንቅል : ኣማን ብኣማን ጩራ ምሉእ ብርሃን**

ከምቲ ዝተባህለ ኣብ ክሳድ ፋሺሽታውያን ገዛእቲ ናይ ***"ሕልፈት ሞት ሽኻል "*** ነዲሉ : ጩራ ምሉእ ብርሃን ዘበሰረ ድንቂ ኤርትራዊ ቅያ ኮይኑ : ልዕሊ'ዚ ዝህቦን እና ተኸልዐ ዝነብርን እቲ ካልእ ሓያል መልእኽቲ ወስ ከብል ሃገራዊ መንፈሰይ ይእዝዘኒ :

- ፋሽሽታዊ መግዛእቲ . ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ብጃምላዊ ህልቂት ግዳይ ዝኾኑ (ዓድእብርሂም : ምስያም : ገለብ : ዑና : በስግዲራ: ሕርጊጎ : ወኪድባ : ኡምሓጀር : ጸላም ሰንበት/ኣቑርደት : ሽዕብ : ማርያምግቢ : ሰምበል : ዓለምበቃኝ : ኣብ ጎደናታት ብስልኪ ዝተሓንቁ ኣፍላ መንእሰያትና : ባርባራዊ ጭካነ ናይ ቅብጸት ፍጻመ ኣብ ምጽዋዕ : ) ወዘተ... : ብዘስካሕክሕ ጭካነ ናይ ዝወሓዘ ንጹህ ደም ኤርትራዊ ዜጋ : " ***ስርሒት ፈንቅል : ፈዳይ ሕነ "*** **:** ንንብዓት ኤርትራዊ ዝሓንሰሰ : ተኸሊዑ ዝነብር መወዳድርቲ ኣልቦ ኤርትራዊ ቂያ ፍጻመ :

- እቲ ናይ ታሪኽ ጽውጽዋይ ብፍላጥ ይኹን ብምድንጋር ንዞባናን ዓለምን ዘደንቆረ ጽውጽዋይ ናይ 3 ሽሕ ዓመት ውቁጥ ታሪኽን : ነታ ናይ ሓሶት ታቤላ ዝኾነት ***ንግስነት ኣኽሱም*** ኣቃሊዑ : ንህዝቢ ዓለም እቲ ሓቂን ዝነበረን : ንህዝቢ ናይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ : ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብፍላይ ዝገልጽ ታሪኽን ምዕቡል ስርዓተ ምሕደራን ባህላዊ መነባብሮን : እታ ከም መፈክር ዝጥቀሙላ ***ንግስነት ኣኽሱም ውን እንተኾነት*** : ኣብ ምዕባለ ኣዱሊስ ከም ዝተሃንጸት : ( ስርሒት ፈንቅል ነዚ ሓቂታት ካብ መቓብር ፈንቂሉ : ኣብ ብራና ኤርትራዊ ታሪኽ ብሃረም ዝወቐረ'ዩ : ) ንመጋዝእቲ ጥራይ ዘይኮነ ንሓቀኛ ታሪኽ ስለዝፈንቀለ ሰርሒት ፈንቅል ንዓና ሓበን : ንህዝቢ ዓለም ከኣ መስደምም ፍጻመ'ዩ :

- እቲ ብፈሊጣን ተመራመርቲ ዘይተሓልመ ግን "ሰርቢ" ኮይኑ እናዘነበ ዝመጽእ'ዘሎ ኣኽዛ ታሪኽ : መበቆል ህዝቢ ዓለም ኣብዘን ክቡራትን ታሪኻውያንን ደሴታት ኤርትራ ምዃኑ ዝምስክር ቅርሲታት ምርካቡ እዩ ; ምናልባት መዛግብቲ ታሪኽ ናይ ዓለምና ከም ሓዲሽ ንክጸሓፍ ዘገድድ ወኒ ዘለዎ ዕዮ ገዛ ንታሪኽ ተመራመርቲ እናተጋህደ ምምጽኡ : ነዚ በሪ ዝኸፈተ ስርሒት ቂያ ፈንቅል ፈናቒላ'ዩ :

- ለከ ሓበን ንታሪኽናን ናጽነትናን ዝኾኑ : ሬስታት ሰማእታትና ምፍንቃሉን : ታሪኻዊ ቅርሲ ሓወልቲ መጠራን : ናይ እምነት ኣብያተጸሎትን : ብጭካነ ምብራሶምን : ሰይጣናዊ መልእኽቶም እናሓደረ እናበርሀ ዝመጽእ ዘሎ ዘስገድግድ ጉድ ናይ ጸላኣትና እዩ :

ንኹሉ ግን : ንስርሒት ቂያ ፈንቅል ዝመድመዱ ቂያታት ጀጋኑናን : ስርሒት ፈንቅልን ምልኣተ ጸሓይ ናጽነትናን : ንኹሉ ተንኮላቶም በናጢሱ : ከም ደቂሰባት ብናጽነት ተሓቢንና ክንነብር ኣኺ.ኢሉና እዩ : ከምቲ ንመንግስተሰማይ ዘምርሕ ጸቢብን ተጻብ'ኦ ዝበዝሖ መንገድን'ዩ ዝብልዎ : ኣብ መሬት'ውን ንዓና ንህዝቢ ኤርትራ : "ቀጣን ገበይ ሰጋለት " ንባብ መስተርሆት ዘምርሐት : ኣእላፍ ጀጋኑ ዝወደቑላ ግን ከኣ ቃላ ዘየዕበርት ናይ መወዳእታ ንማዕጾ ናጽነት ዘምርሐት መንገዲ ብምዃና : ክብሪ ኣለዋ :

ሰጋለት ቀጣን : ኣንፈት መንገደይ ሓብሪ :

ዘልኣለማዊ ምጕስን ክብሪን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ :
መድሃኔ ተስፋኣለም :

**ስርሒት ፈንቅል : ኣማን ብኣማን ጩራ ምሉእ ብርሃን**